# ናይ ወጻኢ ምስክር ወረቐት ኣፍልጦን ምሃብን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎትን

ካብ ወጻኢ ሃገር ናይ ቤት ትምህርቲ መልቀቒ ምስክር ወረቐት ኣለካ’ዶ? ካብ ጀርመን ወጻኢ ናይ ሞያ ስልጠና ወይ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ተማሂርካ’ዶ? ናይ ወጻኢ ናይ ሞያዊ ብቕዓታት ኣብ ጀርመን ኣፍልጦ ክወሃቦም ይኽእል እዩ። ኣብዚ ገጽ ነዚ ዝምልከት ሕቶታት መልሲ ክንህበካ ኢና።

**<u>ሞያዊ ብቕዓት እንታይ ማለት እዩ?</u>**
ኣብ ጀርመን ከም ክእለት ዘለዎ ሰራሕተኛ ንክትቁጸር መብዛሕትኡ እዋን ሞያዊ ብቕዓት ኣገዳሲ እዩ። መስርሕ ኣፍልጦ ማለት ካብ ጀርመን ወጻኢ ናይ ዝረኸብካዮ ትምህርታዊ ወይ ሞያዊ ብቕዓት ገምጋም ምርካብ ማለት እዩ። ኣፍልጦ  ምስክር ወረቐታት ምህላው፡ ብሞያኻ ስራሕ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ። ኣብ ገለ ዓውድታት ስራሕ ንምስራሕ፡ ኣፍልጦ ሞያዊ ብቕዓት ክትረክብ ኣለካ።

ኣብዚ መስረሕ ኣፍልጦ ሞያኻ ኣብ ጀርመን ምስ ዝተቐመጡ መለክዒታት ክነጻጸሩ እዮም። ኣብ ጀርመን ብዙሓት ማእኸላት ኣፍልጦ ብቕዓታት  ናይ ምሃብ ሓላፍነት ኣለዎም።

**<u>ምኽሪ ካባና - ውሳኔ ካባኻ</u>**
ናይ ሞያኻ ኣፍልጦ ብኸመይ ከምእትረክብ ንሕብረካ። እቲ ናይ ኣፍልጦ መስርሕ ነዊሕ እዋን ክወስድ ይኽእል እዩ። ኣብዚ   እዋን’ዚ ንኽመጹ ዝክእሉ ሕቶታት ንምምላስን ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። እዚ ምኽሪ ካብ ክፍሊት ናጻን ኮይኑ፡ ብወለንታኻ ዝወሃብ እዩ። ብእንግሊዝኛ ወይ ብጀርመን ክነማኽረካ ንኽእል ኢና። እንተደሊኻ ኣብ እዋን ምኽሪ ክርከብ ዝኽእል ተርጓሚ ክነዳሉ ንኽእል ኢና።

**ናይ ምኽርና ዓይነታት**

**<u>ምኽሪ✓ ሓበሬታ✓ ሓገዝ✓</u>**
ናይ ምኽሪ ኣገልግሎትና ነዞም ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ይኸውን፡
- ✓ ኣብ ጀርመን ብቕዓታትካ ንምምዛን ኣየናይ ኣማራጽታት ኣለው?
- ✓ እቲ ኣፍልጦ ብኸመይ ይትግበር? ንብቕዓታት ኣፍልጦ ንምሃብ ኣየኖት ማእኸላት ወይ ትካላት እዮም ሓላፍነት ዘለዎም ?
- ✓ ኣየኖት ሰነዳት የድሊ? ሰነድ ክጎድለካ እንከሎ እንታይ ትገብር?
- ✓ ክፍሊት ናይ መስርሕ ኣፍልጦ ምውሃብ ክንደይ እዩ? ገለ ናይ ፋይናንስ ሓገዛት እትረኽበሉ ኣማራጺ ኣሎ’ዶ?
- ✓ እቲ ኣፍልጦ ብቕልጡፍ ምስዘይትረክብ እንታይ ኢኻ ትገብር?
- ✓ ኮርስታት ብኸመይ ትረከብ ወይ ንፈተናታት ከመይ ትዳሎ?
- ✓ ኣብ መስረሕ ኣፍልጦ ምሃብ ክነማኽረካን ገለ ጸገማት ምስዝህሉ ክንሕግዘካን ኢና።

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.
In Kooperation mit:
Bundesministerium für Arbeit und Soziales
ESF Europäischer Sozialfonds für Deutschland
Europäische Union
Zusammen. Zukunft. Gestalten.
Bundesministerium für Bildung und Forschung
Bundesagentur für Arbeit

ኣብ ባየር ዝርከቡ ናይ ምኽሪ ማእከላትና ኣገልግሎት ንምሃብ ቅሩባት እዮም

- ኑረምበርግ (ላዕለዋይ ማእከላይን ታሕተዋይን ፍራንከን)
- ኣጉስበርግ (ሽዋበንን ታሕተዋይ ባየርን ክኸውን ከሎ፡ እዚ ንምምሕዳራዊ ካባቢታት ሙንሽን፡ ኦበርፋልስን ኒደር ባየርን ኣይጠቃልልን እዩ።)
- ፓሳው (ኒደርባየን)
- ሙንሽን (ከተማ ሙንሽንን ምምሕዳራዊ ከባቢታቱን)

**ኣብ ካልኦት ፌደራላዊ ግዝኣታት ዘለው ናይ IQ ምኽሪ ኣገልግሎታት ኣብዚ ምርካብ ትኽእል:**

Das Förderprogramm „Integration durch Qualifizierung (IQ)“ wird durch das Bundesministerium für Arbeit und Soziales und den Europäischen Sozialfonds gefördert.
Bundesministerium für Arbeit und Soziales
Europäischer Sozialfonds für Deutschland
Europäische Union
Zusammen. Zukunft. Gestalten.
In Kooperation mit:
Bundesministerium für Bildung und Forschung
Bundesagentur für Arbeit